
# ምሕደራ ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ (Malnutrition) ብደረጃ ጥዕና ኬላ



ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና
ዝተዳለወ ሓጺር መጣቐሲ መምርሒ

ሓምለ 2000 ዓ/ም

ፌደራል ሚኒስቴር
ሓለዋ ጥዕና

unicef

# ምህፃረ ቃላት

HEW - ሰጥጥ: (ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና)

MUAC - ዙማላቅ: (ዙሪያ ማእኸል ላዕላዋይ ቅልፅም)

OTP - ፕሕተ: (ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ)

RUTF - ድምመህ: (ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት)

SAM - ዝሕም: (ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ)

SC - ማሕ: (ማእኸል ሕውየት)

TFU - ማደሕሕም: (ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ)

TSFP - ዝሓተምፕ: (ዝተነፀረ ሓገዝኺ ምግቢ ፕሮግራም)

# ሰደቓ ትሕዝቶ

ትሕዝቶ ገፅ


ምሕፃረ ቃላት........................................................................................ I

ሰደቓ ትሕዝቶ........................................................................................ II

መእተዊ........................................................................................ III

I. ምድላው........................................................................................ 1

II. ከይዲ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ........................................................ 2

1. ከይዲ ቅብሊትን ምልላይን ግዳያት ዝሕም ዘለዎም ህፃናት............ 2

2. መስርሕ ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ ኣብ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ........................................................................................ 6

3. ክትትል ........................................................................................ 7

III. ኣወሃህባ መሰረታዊ ግሊጋሎት ምክልኻ................................................ 10

ሕዛላት........................................................................................ 11

ሕዛል 1፡ ኩነታት ስርዓተ ምግቢ ንምፍላጥ ሜላታት ምዕቃን ኣካላት ሰውነት(Anthropometric) ........................................................ 11

3.1 ብርኽታት ምዕቃን ዙማላቅ........................................................ 11

3.2 ከይዲ ምዕቃን ክብደት........................................................ 12

3.3 ምርመራ ፍኾስ........................................................ 13

ሕዛል 2፡ ሜላታት ምርመራ ሽውሃት........................................................ 14

ሕዛል 3፡ መጠን ዝወሃብ ድምመህ........................................................ 15

ሕዛል 4፡ ልሙድ መጠን ፈውሲ........................................................ 16

ሕዛል 5፡ ህፃናት ካብ ሕክምና ዝፋነውሉ ሽቶ ክብደት.............................. 17

ሕዛል 6፡ ሰሙናዊ ቅጥዒ ፀብፃብ ሰጦጥ........................................................ 19

ሕዛል 7፡ መመዝገቢ ጥራዝ ፕሕተ........................................................ 20

ሕዛል 8፡ ሕሙም ፕሕተ ናብ ማደሕሕም ዝለኣኸሉ ካርዲ .................... 21

ሕዛል 9፡ ሕሙማት ካብ ፕሕተ ዝፋነወሉ ካርዲ .................................... 22

# መእተዊ

እዚ ሓፂር መምርሒ ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ዝተዳለወ እንትኾን፣ ብዝሸፍአ ሕፅረት ምግቢ ዝተጐድኡ ህፃናት ንምምማይ፣ ግዳይ ዝሕም ዝኾኑ ህፃናት ንምፍላይን መደብ ፕሕተ ኣብ ግዳያት ዝሕም ዝኾኑ ህፃናት ብምክያድ ፅርየትን ሸፋንን ኣገልግሎታት ዝሕም ብደረጃ ማሕበረሰብ ንምሃብ እዩ፡፡

እዚ ማንዋል ግዳያት ዝሸፍአ ሕፅረት ምግቢ ዝኾኑ ህፃናት ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ ንምሃብ ንሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ዝተዳለወ እዩ፡፡

## 1. ምድላው

ሰራሕተኛታት ጥዑር ጥዕና ቤተሰብ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ (ፕሕተ) ንምሃብ ግቡእ ትልሚ ብምድላው ንተጠቀምቲ ዘድሊ ቀረብን ኣገዳሲ ናውትን ክዳልው ኣለወን፡፡ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ (ፕሕተ) ንምክያድ ድማ እዞም ዝስዕቡ ስራሕቲ ምድላው ክሳለጡ ይግባእ፡፡

- ፍቓደኛ ሰራሕተኛታት ጥዕና ማሕበረሰብ ብምልዕዓል ኣብ ምፍላይ፣ ጎስጓሰን መሰርዕ ምትሓዝን ክሳተፉ ምግባር፣
- ንፍቓደኛ ሰራሕተኛታት ጥዕና ማሕበረሰብ ኣብ ሰራሕ እናሃለው ብዛዕባ ዙማላቅን ግዳያት ዝሕም ዝኾኑ ህፃናት ከመይ ከምዝፍለጡን ስልጠና ምሃብ፣ ዙማላቅ ንምዕቃን ዘድሊ መሳርሒ ኮላይ ምቕራብ፤
- ኩሎም ግዳያት ሕፅረት ምግቢ ዝኾኑ ህፃናት ምፍላጥ ምስ ፍቓደኛ ሰራሕተኛታት ጥዕና ማሕበረሰብ ብምትሕብባር ጎስጓስ ሕብረተሰብ ምክያድ፣
- ብደረጃ ኬላ ጥዕና ንፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ (ፕሕተ) ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ምምዳብ፣
- እዞም ሲዒቦም ዝተረቑሑ ናውትን ቀረባትን ብደረጃ ኬላ ጥዕና ከምዝርከቡ ምርግጋፅ፡፡

| ናውቲ | ወርሓዊ ዝተሓተ ቀረብ (ኣብ መኸዘን ዝርከብ) |
|---|---|
| ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት | ኣብ ሰሙን 4 ባኮ ወይከዓ ኣብ |
| ኣሞክሲስሊን | ወርሒ 16 ባኮ |
| መቤንዳዞል 100 ሚሊግራም | ፍርቂ ታኒካ |
| ፎሊክ ኣሲድ | ሓደ ታኒካ |
| ቫይታሚን ኤ ካፕሱል | 15 ክኒና |
| ፕላስቲክ ኩባያታት (ቢኬራት) | 30 ካፕሱል |
| ዝስተ ማይ | 2 |
| ሚዛን ህፃናት (25 ኪ.ግ)፣<br>መምዘኒ ስረ ወይ መሕፀቢ ጎማ ወይ ከፊር | 1 ጀሪካን<br>1 |
| መዐቀኒ ዙማላቅ | 2 |
| መዐቀኒ ሙቐት /ቴርሞሜትር | 1 |
| መሕፀቢ ኢድ ሳሙና | 1 |
| ካርዲ ፕሕተ | 30 |
| ካርዲ መመዝገቢ ጥራዝ | 1 |
| መቆፃፀሪ ንብረት | 1 |

# II. ቅደም ሰዓብ ኣወሃህባ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ

## 1. ምፍላይን ቅብሊትን ግዳያት ዝሕም ዝኾኑ ህፃናት

- ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 18 ዓመት ዝኾኑ ህፃናት ኩነታት ክብደት፣ ዙማላቅን ፍኾስን ምዕዛብ፣
- ትሕቲ 6 ኣዋርሕ ዝኾኑ ህፃናት ርኡይ ዝኾነ ኣካላዊ ምምንማንን ፍኾስን ንከይህልዎም ምዕዛብ፣

## 2. እቲ ህፃን ግዳይ ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ (ዝሕም) ምኳኑን ዘይምኳኑን ምውሳን

- ትሕቲ 6 ኣዋርሕ ዝኾነ ሕንጢይ ኣእጋሩኺሱ ወይድማ ርኡይ ዝኾነ ኣካላዊ ምምንማን እንተልይዎ ግደይ ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ እዩ፡፡ ብዘይ ምርመራ ሽውሃትን ዝላዓለ ምርመራን ነቲ ህፃን ናብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ምውሳድ፡፡
- ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 18 ዓመት ንዝኾኑ ህፃናት ድማ፣
  - ዓቐን እቲ ዙማላቅ ካብ 11 ክሳብ 12 ሴንቲ ሜትር እንተኾይኑንን ፍኾስ እንተይዘይብሉን እቲ ህፃን ግደይ ማእኸላይ ሕፅረት ምግቢ እዩ፡፡

  **ስጉምቲ፡** ነታ ኣደ ብዛዕባ ክንክንን ኣመጋግባን ህፃን ምምዓድ፣ ከምኡ'ውን ዝተነፀረ ሓገዝኺ ምግቢ ፕሮግራም ኣብቲ ከባቢ እንተልዩ ናብኡ ምውሳድ፡፡

  - እቲ ዙማላቅ ልዕሊ 11 ሴንቲ ሜትር እንተኾይኑን ክልቲኦም ኣእጋሩ እንተፎኺሶምን  እቲ ህፃን ግዳይ ዝሕም እዩ፡፡

  **ስጉምቲ፡** ኣብ ትሕቲ ዝሕም ዝተዘርዘሩ ቀፀልቲ ዕማማት ፈፅም፡፡

3. ግዳያት ዝሕም ዝኾኑ ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህፃናት እዞም ዝሰዕቡ ሕማማት ምህላዎም ተዓዘብ፡፡ ገለ ካብዞም ሕማማት ምስዝህሉ ድማ ነቲ ሕሙም ናብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ምውሳድ፡፡ ካብ ዞም ዝተጠቐሱ ሕማማት ሐዲኦም እንተ ተራኢዮም ነቲ ሕሙም ብእዋኑ ናብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ምውሳድ፡፡

| ዝተሓላለኸ ሕማም | ነቲ ሕሙም ናብ ማእከል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ንምልኣኽ ዘገድዱ |
|---|---|
| **ሓፈሻዊ ሓደገኛ ምልክት ሕማም** | **ገለ ካብዞም ኩነታት ሕማም ምስዝህሉ (ተምላስ፣ ምግቢ ዘይምብላዕ፣ ነብስኻ ዘይምፍላጥን ምህትፍታፍን)** |
| ቁሪ ወይ ምቒ ሳምቡኘ (Pneumonia/ severe pneumonia) | • ምጥንቧቅ ደረት<br>• ምህንፋፅ (ፀገም ኣተነፋፍሳ)<br><br>ο ካብ 6-12 ኣዋርሕ ዝዕድመኦም ህፃናት<br>- ብደቒቓ 50 ግዘን ልዕሊኡን እንትትንፍሱ<br>ο ካብ ሓድ - ሓሙሽት ዓመት ዝዕድመኦም ህፃናት<br>- ብደቒቓ 40 ግዘን ልዕሊኡን እንትትንፍሱ<br>ο ልዕሊ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህፃናት<br>- ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቂቕ 30 ግዜን ልዕሊኡን እንትትንፍስ |
| **ውፅኣት** | **ደም ዝተሓወሶ ዓይኒ ምድሪ (ሰገራ)** |
| ረስኒ ወይከዓ ምንካይ ሙቐት ኣካላት | • ዓቐን ሙቐት ኣካላት 37.5 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ወይድማ ልዕሊኡ እንተኾይኑ ወይ ብምንካእ ረስኒ ከምዘሎ ተተፈሊጡ<br>• ዓቐን ሙቐት ኣካላት 35 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ወይድማ ትሕቲኡ እንተኾይኑ ወይም ብምንካእ ሰውነት ተዝሒሉ |

4. እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምልክት ሕማማት ንዝተርአዩም ዕድመኦም ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 18 ዓመት ዝኾኑ ህፃናት ምርመራ ሽውሃት የካይዱ፡፡ ብዛዕባ ብርክታት ምርመራ ሽውሃትን ትንታነን ብዝምልከት ሕዛል 2 ይርአዩ፡፡

ሀ. እቲ ሕሙም ምርመራ ሽውሃት ተዘይሓሊፉ ናብ ማእከል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ለኣኽዎ፣

ለ. እቲ ሕሙም ነቲ ምርመራ እንተሓሊፍ ግና ነዞም ዝስዕቡ ተግባራት ፈፅም፡፡

5. እቲ ሕሙም ኣብ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ ወይከዓ ኣብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ኮይኑ ንክሕከም ይወስኑ፡፡

- ዕድመ፣ ኩነታት ኣመጋግባ፣ ምልክት ሕማማትን ምርመራ ሽውሃትን እቲ ህፃን ብምጥቃምን ከምኡ'ውን ብመሰረት እቲ ቐፂሉ ዘሎ ሰደቓ ብምግምጋምን ኩነታት (ደረጃ) ጥዕና እቲ ህፃን ምፍላይ፣

- እቲ ህፃን ኣብ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ ወይከአ ኣብቲ ከባቢኡ ዝርከብ ጥዕና ጣብያ/ሆስፒታል ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ደቂሱ ንክሕከም ዘድልዮ ምኽኑን ዘይምኽኑን ምውሳን (ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ይጠቐሙ)፣

- ኩሎም ግዳያት ዝሕምን ዝተሓላለኸ ምልክት ሕማማት ዝተርኣዮምን ህፃናት ኣብቲ ዝቐረበ ጥዕና ጣብያ ወይድማ ሆስፒታል ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ደቂሶም ንኽሕከሙ ምልኣኽ፣ ነዚ ዘገልግል ካርዲ (ቕጥዒ) መሊኢኻ ምሃብ፤

- ናብ ዝላዓለ ማእኸል ሕክምና ክላኣኽ ዝግበኦ ህፃን ሓብሓቢ.ቱ/ኡ ንኽትወስዶ/ንኽወስዶ ፍቃደኛ እንተዘይኾይና/ኑ ግዜ ወሲድካ ግቡእ ማዕዳ ብምሃብ ምእማን፡፡ ግን ድማ መዕበይ/ት ሕዚ'ውን ፍቃደኛ እንተዘይኾይና/ኑ እቲ ህፃን ብመሰረት ፕሮቶኮል ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ (ፕሕተ) ምሕጋዝ፡፡ ኣብቲ እዋን ኣብትሕቲ ውዕኢት ዝብል ቅጥዒ (ካርዲ) ፕሕተ መተሓመሚ ንምዝዋር ፈቃደኛ ኣይኮነትን ዝብል መብርሂ ኣስፍር፡፡

## ግዳይ ዝሕም ዝኾነ ህፃን ገምጊምካ ምፍላይ

| ገምጋም | ደረጃ | ዝውሰድ ስጉምቲ |
|---|---|---|
| ▪ ዕድሚኡ ካሳብ 6 ኣዋርሕን ዝኾነን<br>- ካብ መጠን ንላዕሊን ዝረአን ምምንማን ተልይዎ<br>- ኣብ ዝባን ክልቲኡ ኣእጋሩ ፍኾስ ተልይዎ<br>▪ ዕድሚኡ 6 ኣዋርሕን ልዕሊኡን ዝኾነ<br>- ዙማላቅ እቲ ህፃን ትሕቲ 11 ሴ.ሜ እንተኾይኑ፣ ወይ ዝባን ክልቲኡ ኣእጋሩ እንተፎኺሱ፤ ብተወሳኺ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዝተረቖሑ ሓደ እንተተራእዩዎን<br>▪ ምልክት ሓደጋ ወይከዓ<br>▪ ምርመራ ሽውሃት እንተወዲቑ ወይድማ<br>▪ ደም ዝተሓወሶ ዓይነምድሪ (ሰገራ)<br>▪ ሕማም ሳምቡእቕ/ዝላዓለ ሕማም ሰምቡቕ ወይድማ<br>▪ ረስኒ/ምንካይ ሙቐት ሰውነት | ዝኸፍአን ዝተሓላላኸን ሕፅረት ምግቢ የርኢ | ናብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት መግቢ ብህፁፅ ምልኣኽ |
| ▪ ዕድሚኡ 6 ኣዋርሕን ልዕሊኡን ዝኾነን<br>- ዙማላቅ ትሕቲ 11 ሴ.ሜ እንተኾይኑ ወይ ዝባን ክልቲኡ ኣእጋሩ እንተፎኺሱ<br>▪ ምርመራ ሽውሃት እንተሓሊፉን | ዝኸፍአ ግና ዘይተሓላለኸ ሕፅረት ምግቢ የርዒ | መምርሒ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ ኣብ ጥዕና ኬላ ብምጥቃም ምትእንጋድ |
| ▪ ዙማላቅ 11 ሴንቲ ሜትርን ትሕቲ 12 ሴንቲ ሜትርን እንተኾይኑን ዝባን ክልቲኡ ኣእጋሩ እንተዘይፎኺሱን | ማእኸላይ ዝኾነ ሕፅረት ምግቢ የርኢ | ▪ ኣብቲ ከባቢኡ ዝተነፀረ ሓገዝ ተወሳኺ ምግቢ ፕሮግራም እንተልዩ ናብኡ ምልኣኽ<br>▪ ብዛዕባ ክንክን/ ኣመጋግባ ህፃናት ማዕዳ ምሃብ |
| ▪ ዙማለቅ 12 ሴንቲ ሜትርን ልዕሊኡን እንተኾይኑ ዝባን ክልቲኦም ኣእጋሩ ከዓ እንተዘይፎኺሶም | ምንም ዓይነት ዝለዓለ ሕፅረት ምግቢ ኣየርእን | ነታ ኣደ ምውዳስን ምትብባዕን |

## 2. ምሕደራ ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ /ዝሕም/ ኣብ ፕሮግራም ሕክምነና ተመላለስቲ (ፕሕተ)

6. ሽም እቲ ህፃን ኣብ መመዝገቢ ጥራዝ ድሕሪ ምፅሓፍ ነቲ ካርዲ ፕሕተ ምምላእ /ሕዛል 7 ተመልከት/

7. ነታ ኣደ /ሓብሓቢት/ እቲ ህፃን ብዛዕባ ኣሰራርሓ ፕሕተ ኣስተምህሮ ምሃብ

- ብመሰረት ኣካላዊ ክብደት እቲ ህፃን ንሓደ ሰሙን ዝኣክል ድልዊ ምግቢ መድሕን ሕይወት /RUTF/ ምሃብ /ኣብ ገፅ 23 ዝርከብ መሰነይታ 3 ተዓዘብ/
- እዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ትምህርታዊ መልእኽትታት ንኣደ /ሓብሓቢት/ እቲ ህፃን ይሃቡ፡፡

  - ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት /RUTF/ ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ ንዘለዎም ህፃን ጥራይ ዝዋህብ ምግብን ፈውስን (መድሓኒትን) እዩ፡፡ ካብቲ ዝሕም ዘለዎ ህፃን ወፃኢ ንኻሊእ ህፃን ምሃብ ኣይግባእን፡፡

  - ንህፃን ዝወሃብ ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት ድሕሪ ፀባ ጡብ ኣዲኦም ምጥባብ ክኾን ኣለዎ፡፡ ይኹን'በር ህፃናት ኣብ ዝኾነ ግዘ ጡብ ክጠቡ ተደልዮም ክወሃቦም ኣለዎ፡፡

  - ብዝሕም ዝተጎድአ ሕፃን ቅድሚ ኻልእ ምግቢ መድሕን ህይወት /RUTF/ ክምገቡ ይግባእ፡፡ ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት በቢንእሽተይ ብምድላው እቲ ህፃን ኣብ መዓልቲ በቢ 3-4 ሰዓታት ኣፋላላይ ንክምገብ ምትብባዕ፡፡

  - እቲ ህፃን ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት እንትምገብ እኹል ፅሩይ ማይ ንኽሰትይ ምሕጋዝ፤

  - እቲ ህፃን ቅድሚ እቲ ዝተደለው ምግቢ መድሕን ህይወት ምምጋቡ ገፁን ኢዱን ብሳሙና ክሕፀብ ኣለዎ፡፡ ነቲ ህፃን ቅድሚ ክበልዕ ምሕጋዝና ኢድና ብሳሙናን ማይን ብደንቢ ምሕፃብ የድሊ፡፡

  - እቲ ምግቢ ብፅርየት ክተሓዝን ተኸዲኑ ክቕመጥን ኣለዎ

  - ዝሓመሙ ህፃናት ብቐሊሉ ብቑሪ ስለዝጥቅዑ፣ እኹል ሙቐት ንኽረኽቡ ብእግባቡ ክኽደኑ ይግባእ፡፡

**መተሓሳሰቢ፡** ኣዶታት ብዛዕባ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ቁምነገራት ግቡእ ግንዛበ ምርካበን ንምርግጋፅ ኣገደስቲ ሕቶታት ብምሕታት ኣረጋግፁ፡፡

- ዝተውሃቦም መድሓኒት ብዘይምቁራፅ ነቲ ህፃን ይሃብዎ (ሕዛል 4 ይርአዩ)

| ፈውሲ (መድሓኒት) | ኣወሃህባ (ኣወሳስዳ) |
|---|---|
| ቫይታሚን ኤ | - ኣብቶም ዝሓለፉ 6 ኣዋርሕ ዝተወሃበ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይሕተቱ<br>- ዘይተወሃበ እንተኾይኑ እቲ ህፃን ንፈለማ2 ሓደ ዶዝ ቫይታሚን ኤ ይወሃቦ፡፡ |
| ፎሊክ-ኣሲድ | - እቲ ህፃን ናብ ፕሕተ እንትመፅእ ሓደ ዶዝ ይወሃቦ |
| ኣሞክሳስሊን | - ፈለማ ሓደ ዶዝ ናብ ፕሕተ ብዝመፀ ብምሃብ ኣብ ገዛ ኮይኑ ን7 መዓልታት ዝወስዶ ፈውሲ ምሃብ<br>- ነቲ ህፃን ዝወሃብ ፈላማይ ዶዝ ኣብ ቅድሚ ነቲ ህፃን ዝከታተል ባዓልሞያ ኸከውን ኣለዎ፡፡ |
| ፀረ ሓሳኹ መድሓኒት | - ሓደ ዶዝ ኣብ ካልኣይ ሰሙን (ካልኣይ ዑደት) ናብ ፕሕተ እንትመፅእ |
| ዓሶ | - ብመሰረት ሃገራዊ መምርሒ ኣወሃህባ መድሓኒት |
| ንፍዮ /ካብ 9 ወርሒ ጀሚሩ/ | - እቲ ህፃን ኽታበት ንፍዮ ምውሳዱን ዘይምውሳዱን ምሕታት እቲ ህፃን ዘይተኸተበ እንተኾይኑ ፈላማይ ኽታበት ኣብ ራብዓይ |
| ማዕድን ብረት (Iron) | ኣብ ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት /RUTF/ ብረት ማዕድን (Iron) ስለዝተሓወሰ ምሃብ ኣየድልን |

8. እቲ ዝሓመመ ህፃን ንኽትትል በቢሰሙኑ ንክመፅእ ቖፀሮ ይሃብዎ፡፡

## 3. ክትትል

ኩሎም ተጠቀምቲ ፕሕተ በቢሰሙኑ ናብቲ ኬላ ጥዕና ክመፁ ኣለዎም፡፡ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ድማ ንክትትል ሓዊሱ ኣገልግሎት ፕሕተ ዝወሃበሉ ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ክምድባ ይግባእ፡፡

እተን ሰራሕተኛታት ዝኽፍአ ሕፅረት ምግቢ ዘለዎም ህፃውንቲ ንምርኣይ ስሩዕ ናይ ገዛ ንገዛ ዑደትን ክትትልን ክገብራ ኣለወን፡፡ ብተወሳኺ እተን ሰራሕተኛታት እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ክትትል ክገብራ ይግባእ፡፡

1. እተን ሰራሕተኛታት ስዒቦም ዝተገለፁ ኹነታት ሓቲተን የፃርያ

- ውዕኣት፣ ረስኒ፣ ተምላስን ካልኦት ሓደስቲ ጥዕናዊ ፀገማትን ንከይህልው ይከታተላ፡፡
- ኣመጋግባ (ኣበላልዓ)፣ እቲ ህፃን ዝተመደበሉ ሰሙናዊ መቑንን ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት ምውዳኡን ዘይምወዳኡን ምሕታት ኣለወን፡፡

2. እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ምፍታሽ

- ዝተሓላለኸ ፀገም ጥዕና (Complications)
- ሙቐት ኣካላት፣ ኩነታት ኣተነፋፍሳን
- ዙማላቅ፣ ክብደትን ፍኾስን
- ምርመራ ሽውሃት ምክያዱ

[2] ኣብ ዕለት ምዝገባ/ዕለት ሓደ/ ብዘይካ እቶም ፍኾስ እግሪ ዘለዎም፡፡ ወይድማ ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ቫይታሚን ኤ ዝረኸቡ ኩሎም ህፃናት ቫይታሚን ኤ ይወሃቦም፡፡

3. ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተኻየዱ ክትትል ዳህሳሳት እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ከምዝውስድ ምውሳን፡፡

እዞም ኣብ ታሕቲ ቐጺሎ ዝተጠቐሱ ምልክታት እንተተርኢዮም ነቲ ሕሙም ናብ ዝላዕለ ማእከል ሕክምና ምልኣኽ

- ዝተሓላለኸ ሕማም እንተጋጢሙ
- ምርመራ ሸውሃት ምግቢ እንተዘይሓሊፉ
- ፍኾስ እንተገዲዱ/ እንተሃልዩ
- ኣብ ክልተ ተኸታተልቲ ዑደታት ጥዕና ኬላ ምንካይ ክብደት እንተተራእዩ
- ኣብ ሰለስተ ተኸታተልቲ ዑደታት ጥዕና ኬላ ምውሳኽ ክብደት እንተዘይተራእዩ
- ብሰንኪ ከቢድ ሕማም ወይድማ ሞት ሓብሓብቱ እቲ ህፃን ኣብ ገዛኡ ኾይኑ ሕክምናኡ እንተዘይተኸታቲሉ፣

እቲ ህፃን ናብ ዝላዓለ ማእኸል ሕክምና ንክላኣኽ ዝሕብር ኩነታት እንተዘይሃልዩ ሰሙናዊ ኣገልግሎት ፕሕተ ምሃብ ብእዋኑ ንክወስድ ምግባር

- ሰሙናዊ መቑንን ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት /ፕለንፒናት/ ምሃብ
- ኣብ ዝቕፅል ሰሙን ክትትል ንምግባር ቆፀራ ምሃብ
- ነቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣብ ካርዲ ፕሕተ ምምዝጋብ

እቲ ህፃን ኣብ ዝኾነ ክትትላዊ ዑደት እንተዘይተረኺቡ

- ጥዕና መሓውራት ገዛ ንገዛ ዑደት ብምክያድ ንሰራሕተኛታት ጥ/ጥ ፀብፃብ ንኽቕርቡ ምሕታት

እዞም ዝስዕቡ ረቑሓታት እንተተማኢኦም ነቶም ሕሙማት ካብ ፕሕተ ምፍናው፡፡

- ናብቲ ማእኸል እንትመፅእ ፍኾስ ዝነበሮን ኣብ 2 ተኸታተልቲ ዑደታት /14 መዓልቲ/ ፍኾስ እንተዘይተራእዩ ምፍናው
- ነቶም ብዘይፍኾስ ዝመፁ ተሓከምቲ ኣካላዊ ክብደቶም ሽቶ ምፍናው እንተኾይኑ (ብመሰረት ኣብ ገፅ 25 ዘሎ ሕዛል 5) ምፍናው
- ድሕሪ ናይ 2 ኣዋርሕ ሓገዝ ፕሕተ እቲ ህፃን ዝፋነወሉ ሮቕሓታት እንተዘይኣማሊኡ ናብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ምልኣኽ፡፡

እቲ ህፃን ኣብዝፋነወሉ እዋን ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ምርግጋፅ

- ነታ ኣደ/ሓብሓቢት/ ብዛዕባ ኣመጋግባን ክንክንን ህፃን ማዕዳ ምሃብ
- ነታ ሓብሓቢት ካርዲ ሂብካ ናብ ዝተነፀረ ሓገዝ ተወሳኺ ምግቢ ፕሮግራም (Targeted supplementary food program) ምልኣኽ
- እቲ ህፃን ኣብዝፋነወሉ ዕለት ኣብ መመዝገቢ ጥራዝ ብግብእ

## ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 18 ዓመት ንዘለዉ ህፃናት ከይዲ መስመር ዳህሳስን ተግባራዊ ስጉምትን ዘርኢ ቻርት

ዙማላቅ ብምዕቃን ፍኾስ ምህላውን ዘይምህላውን ምርግጋፅ

ፍኾስ እንተዘይሃልዩን ዙማላቅ ድማ ≥12 ሳ.ሜ እንተኾይኑን

- ነታ ኣደ እንኳዕ ኣሕጎሰኪ ይበልዋ
- ብዛዕባ ትምህርቲ ጥዕናን ኣመጋግባን/ክንክን ምኽሪ ምሃብ

ዙማላቅ 11 - < 12 ሴ.ሜ እንተኾይኑን ፍኾስ

- ነታ ኣደ ምኽሪ ምሃብ
- ኣብቲ ከባቢ ዝተነፀረ ሓገዝ ተወሳኺ ምግቢ ፕሮግራም እንተልዩ ነቲ ህፃን ናብኡ ምልኣኽ

ዙማላቅ ትሕቲ 11 ሴ.ሜ እንተኾይኑን ፍኾስ ድማ ኣብ ክልተ ኣእጋር እንተተራእዩን

ዝተሓላለኸ ፀገም ጥዕና እንተልዩ ኣረጋግፅ

ዝተሓላለኸ ፀገም ጥዕና እንተዘይሃልዩ ምርመራ ሽውሃት ምግቢ ምግባር

ዝኾነ ዝተሓላላኸ ፀገም ጥዕና

ናብ ላዕለዋይ ማእኸል ጥዕና ምልኣኽ

ኣብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፀረት ምግቢ ወይ ማእኸል ሕውየት ምልኣኽ

ምርመራ ሽውሃት ምግቢ እንተሓሊፉ

ምርመራ ሽውሃት ምግቢ እንተዘይሓሊፉ

ናብ ላዕለዋይ ማእኸል ጥዕና ምልኣኹ

ሽውሃቱ እንተተመሊሱን ፍኾስ እንተነክዩን

ነቶም ሕሙማት ብመሰረት ፕሮቶኮል ፕሕተ ምሕካም
- ምዝገባን ቅቢሊቲን ምፍፃም
- ልሙድ መድሓኒት ምሃብ
- ሰሙናዊ ቸረብ ድምመህ (RUTF) ምምላእ
- ብዛዕባ ድምመህን ኣመጋግባን ትምህርቲ ጥዕና ምሃብ
- ድሕሪ ሓደ ሰሙን ቆፀራ ምሃብ

ናብ ላዕላዋይ ማእከል ጥዕና ምልኣኽ

ክትትል ሰሙናዊ ዑደት
- ምርመራ ሽውሃትን ዝተሓላለኸ ፀገም ጥዕናን ምግባር
- ድምምሕ (RUTF) ምቕፃል
- ምውዳእ ልሙድ መሓኒት
- ካርዲ ፕሕተ ምምላእ
- ሕሙም ንምፍናው ዘድልዩ ረቋሒታት ምምላኦም ምግምጋም

- ምርመራ ሽውሃት እንተዘይሓሊፉ
- ዝተሓላለኸ ፀገም ጥዕና ተተራእዩ
- ድሕሪ ናይ 2 ኣዋርሕ ክትትል ፕሕተ ምምሕያሽ እንተዘየርኢዩ

እቲ ሕሙም ንክፋኖ ዘድልዩ ረቋሒታት ምስዘማልእ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ ዝተነፀረ ሓገዝኺ ምግቢ ፕሮግራም ምልኣኽ

## III መሰረታዊ ኣገልግሎት ምክልኻል ምሃብ

ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣብ ማቢያአን ገዛ ንገዛ እናዞራ ትምህርቲ ጥዕና ክህባ ትፅቢት ይግበረለን፡፡ እተን ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ምክልኻልን ምቑፅፃርን ሕማማት፣ ጥዕና ስድራ ቤት፣ ሓለዋ ጥዕናን ፅርየት ከባብን ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕቲ መራኸቢ /Communication/፤ ዑደት ኬላ ጥዕና፤ ምፍላጥን ምስፍሕፋሕን ትምህርቲ ጥዕና ክነጥፋ አለወን፡፡ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ ንኣዴታትን /ሓብሓብቲን ህፃናትን ኣገልግሎት ምክልኻል ንምሃብን ምግምጋምን ኣገዳሲ መራኸቢ መድረኽ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ኣገልግሎት ፕሕተ ግዳያት ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ ንዝኾኑ ህፃናት ኣብ ልዕሊ ምሃብ እዞም ቲሒቶም ዝተጠቐሱ ግልጋሎታት ምክልኻል ክህባን ክግምግማን ኣለወን፡፡

### . ሃጅንን ከባቢያዊ ሓለዋ ጥዕናን

- ምውጋድ ሰገራ
- ፅርየት ምግብን ድሕነትን
- ውልቀ ፅርየት
- ቀረብ ማይን ሜላታት ድሕነትን
- ሓለዋ ጥዕና ከባቢ መንበሪ ገዛ

### . ሓለዋ ጥዕና ስድራ ቤት

- ምጣነ ስድራ
- ክታበት ህፃናትን ኣዴታትን

### . ምክልኻልን ምቑፅፃርን ሕማማት

- ምቑፅፃርን ምክልኻልን ዓሶ
- ምቑፅፃርን ምክልኻልን ኤች አይቪ ኤድስን ሕማም ሳምቡኛን

### . ካልኦት ፖኬጃትን

# IV. ሕዛላት

## ሕዛል 1፡ ኩነታት ስርዓት ምግቢ ንምፍላጥ ሜላታት ምዕቃን ኣካላት ሰውነት (Anthropometric measurement)

### 1.1 ከይዲ ምዕቃን ዙማላቕ

1. ፀጋማይ ቅልፅም እቲ ህፃን ዝሸፈነ ክዳን ንክትኽብስ ንወላዲቱ /ኣዲኡ/ ምሕታት፣ እንተተኻኢሉ እቲ ህፃን ኣብጎኒ እቲ ዝዕቅን ሰብ ጠጠው ክብል ኣለዎ


2. ናይቲ ህፃን ላዕላዋይ ፀጋማይ ቅልፅሙ ማእኸላይ ቦታ ምግማት /ነቲ ኣብ ገፅ 18 ዘሎ ስእሊ ተመልከት/

3.ናይቲ ህፃን ቅልፅም ብምዝርጋሕ ነቲ መዐቀኒ ኣብ ማእኸላይ ቦታ ቅልፅሙ እሰር፣ እቶም ቁፅርታት ብደገ ከምዝረኣዩ ኣረጋግፅ፣ ከምኡ'ውን እቲ መዐቀኒ ኣብ ቅልፅም እቲ ህፃን ቀኒዑ ከምዝተጠቕለለ ኣስተብህል /ቀስት (arrow) 7 ርአ/

4.እቲ መዐቀኒ ንቅልፅም እቲ ህፃን ፀኒዑ /ሰጢሙ ምሓዙን ዘይምሓዙን አረጋግፅ፡፡ እቲ መዐቀኒ ብግቡእ ጠቢቑ ዝተአሰረ ምዃኑን/ ቀስት 7/ ኣዝዩ ዝሰጠመ ወይድማ ዝላሕለሐን ዘይምዃኑን/ ቀስት 8ን 9ን/ አስተብህል፡፡ ኣጋዳሲ እንተኾይኑ ደጋጊምካ ምዕቃን፡፡

5. እቲ መዐቀኒ ኣብ ግቡእ ቦታን ስጥመትን እንተኾይኑ ንባብ እቲ ዓቐን ክሳብ 0.1 ሴ.ሜ. ዝተመቐለ ፍልልይ ክፅዋዕ ይኽእል /ቀስት 10 ይኸውን፡፡/

6. ነቲ ዓቐን ብቅልጡፍ ምምዝጋብ






## 1.2 ከይዲ ምዕቃን ክብደት


1. መጀመርታ ነታ ኣደ /ሓብሓቢት/ ብዛዕባ ከይዲ ምዕቃን ክብደት መብርሂ ምሃብ
2. በዓል 25 ኪ.ግራም /በቢ 100 ግራም ዝተመቓቐለ/ ሚዛን ምስቃል፣ ተንቀሳቓሲ ሚዛን እንተድልዩ ኣብ ኦም ወይድማ ክልተ ሰባት ኣብ ዝሕዝዎ ዕንጨይቲ ምስቃል፡፡
3. ኣብቲ ሚዛን መሕፀቢ ጎማ/ ሒላብ ወይ ከፈር ድሕሪ ምስቃል ነቲ ሚዛን ኣብ ባዶ ዓቐን ምስትኽኻል
4. ነቲ ህፃን ጥራሕ ዝባኑ ብምግባር ንምምዛን ኣብ መሕፀቢ ጎማ/ ሒላብ ወይ ከፈር ምቕማጥ
5. እቲ ህፃን ይኹን እቲ መምዘኒ ጎማ/ከፈር/ ሒላብ ብዝኾነ ነገር ከምዘይተትሓዘ /ከመዘይተተንከፈ ምርግጋፅ
6. ዓቐን እቲ ሚዛን ብማዕረ ብራኽ ዓይኒ (eye level) ምንባብ፤ እቲ ህፃን እናተንቀሳቐሰ ነቲ ከይዲ ምንባብ ክብደት ዝህውኽ እንተኾይኑ፣ ማእኽላይ ግምታዊ ዓቀን ክብደት እቲ ህፃን ምውሳድ/ምንባብ
7. እቲ ህፃን ንከይዲ ምንባብ ክብደት ዘይህውኽ እንተኾይኑ ናብ 100 ግራም ዝቐረበ ዓቐን ብምውሳድ ምምዝጋብ
8. ነቲ ሚዛን በቢሰሙኑ ዝፍለጥ ክብደት ብዘለዎ ኣቕሓ ምስትኽኻል





## 1.3 ምርመራ ፍኾስ

**ተርእዮ ዝሽፍአ ሕፅረት ምግቢ ኣብ ሓደ ህፃን ብከመይ ይልለ?**



## ሕዛል 2. ሜላታት ምርመራ ሽውሃት

ገምጋም ምህላውን ዘይምህላውን ሽውሃት ሓደ ሕሙም ኣገዳሲ ክሊኒካል ረቛሓ እዩ፡፡ ትሑት ሽውሃት ማለት እቲ ህፃን ዝለዓለ ፀገም ጥዕና ከምዘለዎን ደቂሱ ክሕከመሉ ናብ ዝኽእል ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ክላኣኽ ከምዘለዎን የመልክት፡

### ቅደም ሰዓብ ምርመራ ሽውሃት

1. ከይዲ ምርመራ ሽውሓት ፀጥታ ኣብዝዓሰሎን ዝተፈለየ ቦታን ክካየድ ኣለዎ
2. ዕላማን ከይዲ ምርመራ ሽውሃት ንሓብሓቢት እቲ ህፃን ምግላፅ
3. እታ ሓብሓቢት ኢዳ ብግቡእ ክትሕፀብ ኣለዋ
4. እታ ሓብሓቢት ነቲ ህፃን ኣብ ሽለፉ ተደላዲሉ ኽቕመጥ ብምግባር ተመቻችያ ኮፍ ክትብል ኣለዋ፣ ነቲ ህፃን ድማ ድምመህ ካብ መዐሸጊኡ ክምገብ ክትገብር ኣለዋ ወይድማ ነንእሽተይ ናብ ኢዳ ነኪያ ክትምግቦ ይግባእ፡፡
5. እታ ሓብሓቢት ነቲ ህፃን እናጠበረት ድምመህ ክትምግቦ ይግባእ፣ ምናልባት እቲ ህፃን ድምመህ ምብላዕ እንተኣብዩ እታ ሓበሓቢት ብትዕግስቲ እናጠበረት ክተብልዖን ዋላ ምርመራ ግዜ እተዘንግዖን ኣለዋ፣ መብዛሕቲኡ እዋን እቲ ምርመራ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ዝውዳእ'ኳ እንተኾነ ክሳብ ፍርቂ ሰዓት ክውድእ ይኽእል፣ እቲ ህፃን ተገዲዱ ድምመህ ክምገብ የብሉን፡፡
6. እቲ ህፃን ድምመህ ኣብ ዝምገበሉ እዋን እኹል ማይ ብኹባያ ክሰቲ ኣለዎ፡፡

### ምትንታን ውፅኢት ምርመራ ሽውሃት

እቲ ህፃን ምርመራ ሽውሃት ምሕላፉን ዘይምሕላፉን ንምፍላጥ ቀፂሉ ዘሎ ሰደቓ ምርመራ ሽውሃት ተመልከት (ገፅ 23)

### ምርመራ ሽውሃት ዝሓለፈ ህፃን

1. እንተዋሓደ ነቲ ኣብ ሰደቓ ምርመራ ሽውሃት ዝተጠቐሰ መጠን ድምመህ ዝተመገበ ህፃን ነቲ ምርመራ ይሓልፍ
2. ብዛዕባ መማረፂ ኣገልግሎት ፕሕተ ነታ ሓብሓቢት ምግላፅ
3. ውፅኢት ምርመራ ሽውሃት ኣብ ካርዲ ፕሕተ ምምዝጋብ

## ምርመራ ሸውሃት ዘይሓለፈ ህፃን

1. ነቲ ኣብ ሰደቓ ምርመራ ሸውሃት ዝተጠቐሰ መጠን ድምመህ ዘይተመገበ ህፃን ምርመራ ከምዘይሓለፈ ይቑፀር፡፡

2. ነታ ሓብሓቢት እቲ ህፃን ንምሕካም ዘሎ መማረፂ ኣብ ማእከል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ከምዝኾነ ምሕባር፡፡ ብዛዕባ ረብሓን ኣገዳስነትን እዚ ኣገልግሎት ሕክምና ነታ ሓብሓቢት መብርሂ ምሃብ፡፡

3. ነቲ ህፃን ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ ማእከል ሕውየት/ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ሕፅረት ምግቢ ክይዱ ንክሕከም ምልኣኽ፡፡

<u>ሰደቓ ምርመራ ሸውሃት</u>

| ብዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ /ዝሕም/ ዝተጠቕዑ ህፃናት ምርመራ ሸውሃት ክሓልፉ እንተኾይኖም እንተወሓደ ኣብዚ | | | |
|---|---|---|---|
| ድልዊ ምግቢ መድሕን ህይወት (RUTF®) | | ቢ.ፒ 100 (BP 100®) | |
| ክብደት (ብኪ/ግ) | መጠን ዕሹግ ምግቢ (Sachet) | ክብደት (ብኪ/ግ) | ዘንጊ (Bars) |
| ትሕቲ 4 | 1/8 — ¼ | ትሕቲ 5 | ¼ - ½ |
| ካብ 4 — 10 | ¼ - ½ | ካብ 5 – 10 | ½ - ¾ |
| ካብ 10 — 15 | ½ - ¾ | ካብ 11 – 15 | ¾ - 1 |
| ልዕሊ 15 | ¾ - 1 | ልዕሊ 15 | 1 – 1 ½ |

### ሕዛል 3፡ መጠን ዝወሃብ ድምመህ

ግዳደይ ዝኸፍአ ሕፅረት ምግቢ ንዝኾኑ ህፃናት ዝወሃብ መጠን ድምመህ ብመሰረት ክብደቶም እዩ፡፡

| ምድብ ክብደት /ኪ.ግ/ | ኘላምፒናት® ድምመህ | | በሲሉ ዝተዳወለ ምግቢ መድህን ሂይወት (ቢ.ፒ100®) | |
|---|---|---|---|---|
| | ዕለታዊ ዓቐን ዕሹግ ምግቢ (Sachet) | ሰሙናው ዓቐን ዕሹግ ምግቢ (Sachet) | ዕለታዊ ዓቐን ዘንጊ (Bars) | ሰሙናዊ ዓቐን ዘንጊ (Bars) |
| 3.0 - 3.4 | 1 ¼ | 9 | 2 | 14 |
| 3.5 - 4.9 | 1 ½ | 11 | 2 ½ | 18 |
| 5.0 - 6.9 | 2 | 14 | 4 | 28 |
| 7.0 - 9.9 | 3 | 21 | 5 | 35 |
| 10.0 - 14.9 | 4 | 28 | 7 | 49 |
| 15.0 - 19.9 | 5 | 35 | 9 | 63 |

## ሕዛል 4፡ ልሙድ (Routine) መጠን ፈውሲ (መድሓኒት)

### አሞክሲሲሊን

| ክብደት ብኪ.ግ | ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ዝውሰድ መጠን | 250 ሚ.ግ ካፕሱል/ክኒና |
|---|---|---|
| < 5 ኪ.ግ | 125 ሚ.ግ. | ½ |
| 5 – 10 | 250 ሚ.ግ. | 1 |
| 10 – 20 | 500 ሚ.ግ. | 2 |
| 20 – 35 | 750 ሚ.ግ. | 3 |
| >35 | 1000 ሚ.ግ. | 4 |

### ቫይታሚን ኤ

| ዕድመ ብኣዋርሕ | ኣብ መጀመርታ ዕለት ብኣፍ ዝወሃብ ቫይታሚን ኤ ኣይ ዩ (IU) |
|---|---|
| ካብ 6 — 11 | ሓደ ሰማያዊ ካፕሱል /100.000 ኣይዩ = 30 ማይክሮ ግራም/ |
| 12ን /ወይድማ 8 ኪ.ግ / ልዕሊዑን | ክልተ ሰማያዊ ካፕሱላት /200.000 ኣይዩ = 60 ማይክሮ ግራም/ |

### ፎሊክ ኣሲድ

| ዝወሃበሉ ግዜ | መጠን |
|---|---|
| ኣብ እዋን ቅብሊት | 5 ሚ.ግ. |

### ፀረ ሓሰኻ

| ዕድመ | 2 ዓመትን ልዕሊኡን |
|---|---|
| 400 ሚ.ግ. ኣልቤንዳዞል | ብሓደ ግዜ ሓደ ኪኒና |
| 100 ሚ.ግ ሜቤንዳዞል | ብሓደ ግዜ ሓሙሽተ ኪኒና |

[4] ወደ ማዕከሉ በሚገቡበት ቀን (በመጀመሪያው ቀን) እብጠት ካለባቸው ወይም ባለፉት ስድስት ወራት ቫይታሚን ኤነ ከወሰዱት ሕጻናት በስተቀር ለሁሉም ቫይታሚን ኤን ይስጡ።

## ሕዛል 5: ህፃናት ካብ ዝፋነውሉ ሽቶ ክብደት

| ኣብ እዋን ቅብሊት | ኣብ እዋን ምፍናው | ኣብ እዋን ቅብሊት | ኣብ እዋን ምፍናው | ኣብ እዋን ቅብሊት | ኣብ እዋን ምፍናው |
|---|---|---|---|---|---|
| 3 | 3.5 | 5.3 | 6.2 | 7.6 | 8.7 |
| 3.1 | 3.6 | 5.4 | 6.2 | 7.7 | 8.9 |
| 3.2 | 3.7 | 5.5 | 6.3 | 7.8 | 9.0 |
| 3.3 | 3.8 | 5.6 | 6.4 | 7.9 | 9.1 |
| 3.4 | 3.9 | 5.7 | 6.6 | 8 | 9.2 |
| 3.5 | 4.0 | 5.8 | 6.7 | 8.1 | 9.3 |
| 3.6 | 4.1 | 5.9 | 6.8 | 8.2 | 9.4 |
| 3.7 | 4.3 | 6 | 6.9 | 8.3 | 9.5 |
| 3.8 | 4.4 | 6.1 | 7.0 | 8.4 | 9.7 |
| 3.9 | 4.5 | 6.2 | 7.1 | 8.5 | 9.8 |
| 4 | 4.6 | 6.3 | 7.2 | 8.6 | 9.9 |
| 4.1 | 4.7 | 6.4 | 7.4 | 8.7 | 10.0 |
| 4.2 | 4.8 | 6.5 | 7.5 | 8.8 | 10.1 |
| 4.3 | 4.9 | 6.6 | 7.6 | 8.9 | 10.2 |
| 4.4 | 5.1 | 6.7 | 7.7 | 9 | 10.4 |
| 4.5 | 5.2 | 6.8 | 7.8 | 9.1 | 10.5 |
| 4.6 | 5.3 | 6.9 | 7.9 | 9.2 | 10.6 |
| 4.7 | 5.4 | 7 | 8.1 | 9.3 | 10.7 |
| 4.8 | 5.5 | 7.1 | 8.2 | 9.4 | 10.8 |
| 4.9 | 5.6 | 7.2 | 8.3 | 9.5 | 10.9 |
| 5 | 5.8 | 7.3 | 8.4 | 9.6 | 11.0 |
| 5.1 | 5.9 | 7.4 | 8.5 | 9.7 | 11.2 |
| 5.2 | 6.0 | 7.5 | 8.6 | 9.8 | 11.3 |

| ኣብ እዋን ቅብሊት | ኣብ እዋን ምፍናው | ኣብ እዋን ቅብሊት | ኣብ እዋን ምፍናው | ኣብ እዋን ቅብሊት | ኣብ እዋን ምፍናው |
|---|---|---|---|---|---|
| 9.9 | 11.4 | 15 | 17.3 | 36 | 41.4 |
| 10 | 11.5 | 15.5 | 17.8 | 37 | 42.6 |
| 10.2 | 11.7 | 16 | 18.4 | 38 | 43.7 |
| 10.4 | 12.0 | 16.5 | 19.0 | 39 | 44.9 |
| 10.6 | 12.2 | 17 | 19.6 | 40 | 46.0 |
| 10.8 | 12.4 | 17.5 | 20.1 | 41 | 47.2 |
| 11 | 12.7 | 18 | 20.7 | 42 | 48.3 |
| 11.2 | 12.9 | 18.5 | 21.3 | 43 | 49.5 |
| 11.4 | 13.1 | 19 | 21.9 | 44 | 50.6 |
| 11.6 | 13.3 | 19.5 | 22.4 | 45 | 51.8 |
| 11.8 | 13.6 | 20 | 23.0 | 46 | 52.9 |
| 12 | 13.8 | 21 | 24.2 | 47 | 54.1 |
| 12.2 | 14.0 | 22 | 25.3 | 48 | 55.2 |
| 12.4 | 14.3 | 23 | 26.5 | 49 | 56.4 |
| 12.6 | 14.5 | 24 | 27.6 | 50 | 57.5 |
| 12.8 | 14.7 | 25 | 28.8 | 51 | 58.7 |
| 13 | 15.0 | 26 | 29.9 | 52 | 59.8 |
| 13.2 | 15.2 | 27 | 31.1 | 53 | 61.0 |
| 13.4 | 15.4 | 28 | 32.2 | 54 | 62.1 |
| 13.6 | 15.6 | 29 | 33.4 | 55 | 63.3 |
| 13.8 | 15.9 | 30 | 34.5 | 56 | 64.4 |
| 14 | 16.1 | 31 | 35.7 | 57 | 65.6 |
| 14.2 | 16.3 | 32 | 36.8 | 58 | 66.7 |
| 14.4 | 16.6 | 33 | 38.0 | 59 | 67.9 |
| 14.6 | 16.8 | 34 | 39.1 | 60 | 69.0 |
| 14.8 | 17.0 | 35 | 40.3 | | |

## ሕዛል 6: ወርሐዊ ስታቲስታካዊ ፀብፍብ አመሐዳድራ ብርቱዕ ቅፅበታዊድለት አመጋግባ መድሐኒታዊ መደባት አመጋግባ

| | |
|---|---|
| መሳለጥያ | |
| ክል | |
| ዘባ | |
| ወረደ | |
| መኽፈቲ ዕለት | |

| | |
|---|---|
| ፈፃሚ ትክል /መሳለጥያ ጥዕና | |
| አሰናዳኢ ፀብዓብ | |
| ወርሐ/ዓመተ ፀብዓብ ብአቆዐፅራ ኢ.ት.ጲ.ያ | |

ዓይነት መደብ: ዝደቀስ ሕሙም | ተመላለሲ ሕሙም | ተንቀሳቃሲ ክፈኒክ

| ጉጂለአዊ ፊድመ | ጠቅላላ መፈለምታ አቲ ወርሐ (ሀ) | ንፈላማይ ግዜ ዝኣተው: W/H < 70% ወይኻአ MUAC<110mm (ንቆልኡ)ወይኻአ MUAC<180mm (ንአበይቲ) (B1) | ሕብጠት ዘለዎም (B2) | ዳግም ዝተመለሰዎም (B3) | ህክምና ድህረ ምቁራፅ ተመሊሶም ዝኣተው (B4) | ካብ ኻሊፅ ናይ ምግቢ ሕፅረት ሕክምና ዝተልኣኩ (B5) | ጠቅላላ ዝኣተው (C) | ካብዚ ፕሮግራም ዝወፁ: ዝደሓኑ (D1) | ዝሞቱ (ዲ.2) | ዘይተፈልጠ (ዲ.3) | ግብረ መልሲ ዘይሃበ | ሕክምናዊ ምትህልላፍ | ናብተመላለሲ ሕሙም ምስግጋር | ናብድቀስ ሕሙም ምትሕልላፍ | ብጠቅላለ ዝተሰናበቱ ሕሙማት | ጠቅላላ መወዳእታ ናይቲ ወርሒ | ጠቅላላ ቁፅሪ ኣብወርሂ መወዳእታ (G) |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| <6 አዋርሕ | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| 6-59 አዋርሕ | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| 5-10 ዓመታት | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| 11-17 ዓመታት | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| >18 ዓመታት | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| ጠቅላላ | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | % | % | % | % | % | % | % | % | | |

ሀዱሽ ቅበላ ናብቲ ፕሮግራም በቀጥታ ዝተቀበልክዩም ሕሙማት (ሐጸሽቅበላ ንቀዳማይ ዙር ወይክአ ቀጥታይ ሐዱሽ ቅበላ ንካልአይ ዙር):: ወይክ ደበሲ (ቢ.3) ቅበላታት አብ ስለስተ ዝተፈላለዩ ስድቃታትይምልአ ደግሞ ቅበላ ድሕሪ ምብካረ(ቢ.40) ካብ መድሐኒዋ መደባት አመጋግባ ዝቦኽረ ሕሙም ግን ክአ አብ ወሺጠ ክልተ አዋርሕ ዳግመ ቅበላ ዝተፈቀደሉ:: ይኹን እንበር እንድሕር እቲ ሕሙም ይሕአር ከሰተ ስሙን ምምሕላለፍ (ቢ.5) እዚ መድሐኒታዊ መደባት ጉድቀት አመጋግባ አብዝተፈላሊያ ጣቢያታት (ን ቁጣታይ) ክርክበ ዝፀንሐ ግን ናአ ኻዝላዓለ ክንክን ንዝተመሐላለፈ ሕሙ ይምልከትህ እቲ ምትሐላለፍ ደቂሱ ዝነበረ ተመላለሲሕሙም ተመላለሲ ዝነበረ ሕሙም ክአ ዓራት ሒዙ ንዘግበረሉም ሕክምናዊ ክንክን ንሽዉን ይኽአል::

**ዝተፈወሰ(ት) (ዲ.1)** ቀጥዒ ሰንክት ንዘማለክ ሕመም ይምክት

**ሞት ( ዲ.2)** አብቲ መደብ እናተኸታተለ ህይወቱ ንዝሐለፈ ሕሙም ይምልከት ተመላለስቲ ሕሙማት እተኸይናም ግን እቲ ሞት ናብቲ ገዝምቶም ብዝግበር ዑደት ይረጋገፅ::

**ዘይተፈልጠ(ዲ.3)** ንቲ መደብ እናተኸታተለህይወቱ ንዝሐለፈ ሕሙም ይምክትሁ ተመላለስቲ ሕሙምት እንተኸይናሞ ግን እቲ ሞት ናብቲ ገዝቶም ብዝግበር ዑደት ዘለይነፀረ ዘይነፀረ ይምልከት::

**ምብከካር (ዲ.4)** ዝይቀስ ሕሙም እንተኸይኑ ክለተ መዓልታት ተመላለሲ እንተኸይኑ ድማ ንኸለተ ሳምንታት ዝቦኸረን ናብ ገዛኡ ብዝባቦር ዑደት ንዝተረጋገፀ ሕሙም ይምልከት

**ግብረ መልሲ ዘይሻበ(ዲ.5)** ዝደቀስ ሕሙም ድሐረ 40 መዓታት ተመላለሲ ሕሙም ድሕሪ ክልተ አዋርሐ ክንክን ጥዕና ተገቢሩሉምእናህለዉ ጥዕናም ክሰናበቱ ኻዘይክአሉ ሕሙማት ይምልከት

**ሕክምናዊ ምትሓላለፍ (ዲ.6)** ናብ ዘለዐለ መሳለጥይ ጥዕና ወይዉን ሆስፒታል ኮሬፈራል ንዝተመሐላለፈነረ አብቲ መየበ ግልጋሎት ኻ ዘይረክ ይምልከት

**ሕሙም ምግጋር (ኢ)** አብቲ መይብኩም ግልጋሎት ንዘጀመረን ናብ ተመሳሰለ ካልአ ንቁጣ ንዝተመሐላፈ ሕሙም ይምልከት

**ናብ ዉሽጢ ናብ ተመላለሲ ሕክምና ምስግጋር (ኪ.1)** እዚ መጀመርታአባቲ መደብ ብዋናነት ንዝተሐቀፈ ነገርግን አብ ከይዲናብ ተመለሰሲነት ንዝተሰጋገረ ሐሙም ይምልከት

**ከብ ተመለሰሲነት ናብ ዉስጣዊ መደበኛ ክንክን ምግጋር(አ2)** እዚ ፈለመብ ተመላለሲነት አብቲ አገልግሎት ክረክብ ዝፀንሐ ግን ናብ መደብኛነት ንዝተመሓላለፈ ሕሙም ይምልሸት

**ጠቅላላ መወደእታ ናይቲ ወርሒ (ጂ) ጠቅላላ መፈለምታ አቲ ወርሂ (ኤ) ተ ጠቅላላ ቅበላታት (ሲ) ክጠቅላ ዝተሰናበቱ ሕሚማት ( ኤፍ)**

# ሕዛል 6፡ መመዝገቢ ጥራዝ ፕሮግራም ሕክምና ተመላለስቲ (ፕሕተ) (OTP)

| ተ.ቁ | ምሉእ ሽም | ኣድራሻ | ዕድመ (ወርሒ /ዓመት) | ጾታ (ተ/ኣ) | ሓዱሽ ተሓካሚ (እወ/ኣይኮነን) | ቅብሊት | | | | ምፍናው | | | | ውፅኢት (ዝሓወየ፡ ዝሞተ፡ ዘይተፈለጠ፡ዝ ተዛወረን ለውጢ ዘይብሎም ) | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | ዕለት | ክብደት (ኪ.ግ) | ፍኾስ (ሴ.ሜ) | ዙማላቅ (ሴ.ሜ) | ዕለት | ክብደት (ኪ.ግ) | ፍኾስ (ሴ.ሜ) | ዙማላቅ (ሴ.ሜ) | | |
| 1 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 2 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 3 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 4 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 5 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 6 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 7 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 8 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 9 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 10 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 11 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 12 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 13 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 14 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 15 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 16 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 17 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 18 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 19 | | | | | | | | | | | | | | | |
| 20 | | | | | | | | | | | | | | | |

## ሕዛል 8፡ ሕሙም ፐሕተ ናብ ማእኸል ደቂስካ ሕክምና ምግቢ (ማደሕሕም) ዝለኣኸሉ ካርዲ

ቁፅሪ መዝገብ_______________________________

ለኣኻይ ማእከል_____________________ፐሕተ/ማእከል ደቂስካ ሕክምና

ዝለኣኸሉ ማእከል_____________________ፐሕተ/ማእከል ደቂስካ ሕክምና

ሽም____________________________

ዕድመ/ትሕቲ 5 ዓመት ዝኾኑ ብኣዋርሕ ይገለፅ/________ፆታ (ተ/አ)____

ወረዳ _______________ጣቢያ __________________

ዕለት ____________________________

### ነዚ ሰደቓ ምላእ

| | ዕለት | ክብደት | ዙማለቅ | ፍኾስ | ምርመራ ሽውሃት |
|---|---|---|---|---|---|
| ቅብሊት | | | | | |
| ምዝዋር | | | | | |

| ዝተውሃበ ፈውሲ | መጠን ፈውሲ | ዕለት |
|---|---|---|
| ቫይታሚን ኤ | | |
| ፎሊክ ኣሲድ | | |
| ክታበት ንፍዮ | | |
| ኣልቤንዳዞል/ሜቤንዳዞል | | |
| ኣሞክሲስሊን | | |
| ሕክምና ዓሶ | | |

| ምኽንያት ሪፈራል | እዚ ምልክት (X) ይገበር |
|---|---|
| ምልክት ሓደጋ | |
| ምሕንፋፅ / ዝኸፈአ ምሕንፋፅ | |
| አብ ፍታን ደም | |
| ሙቀት ሰዓሊ (T° ⩾ 37.5°c) | |
| ሙቀት ታህቲ (T° ⩽ 35.5 ° C) | |
| ምዉሳኽ / ምጅመር ሕብጠት | |
| ጽልየት ምግቢ ምቅናስ | |
| ምቅናስ ኽብደት ናብ ክልተ ተከታታሊ ምዘና | |
| ክብደት ዘይ ምዉሳኽ አብሰለስተ ተኸታታሊ ምዘና | |
| ሕቶ መተሐመሚ | |

ንክዛወር ዝኣዘዘ ሓላፊ ሽምን ፊርማን ________________

## ሕዛል 9፡ ካብ ግክመሕ ንምፍናው ዝወሃብ ካርዲ

ቁፅሪ መዝገብ________________________________

ለኣኻይ ማእከል____________________ፕሕተ/ማእከል ደቂስካ ሕክምና

ዝለኣኸሉ ማእከል____________________ፕሕተ/ማእከል ደቂስካ ሕክምና

ሽም____________________________

ዕድመ/ትሕቲ 5 ዓመት ዝኾኑ ብኣዋርሕ ይገለፅ/________ፆታ (ተ/ኣ)____

ወረዳ ______________ጣቢያ_________________

ዕለት ___________________________

ነዚ ሰደቓ ምላእ

| | ዕለት | ክብደት | ዙማላቅ | ፍኾስ | ምርመራ ሽውሃት |
|---|---|---|---|---|---|
| ቅብሊት | | | | | |
| ምፍናው | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |